# ዜና_070910

## ኣሜሪካ ሕጂውን ኤርትራ ምስ ግብረ ሽበራውያን ትገብሮ ዘላ ምሕዝነት ጠጠው ኽተብሎ ተጠንቀቕ

ኣብ ጉዳይ ኣፍሪቃ በዓልቲ መዚ ጃንዳይ ፍሬይዘር እቲ ብኣሜሪካ ዝድለ ዘሎ ሶማልያዊ መራሒ ግብረ ሽበራ ሓሰን ዳሂር ኣዋይስ ብዕሊ ኣብ ኣስመራ ምርካቡ ኤርትራ ንግበረ ሽበራውያን መጽለሊ ምኻና ተወሳኺ መረጋገጺ እዩ ትብል።

ተወሳኺ ሓበሬታታት እንተኣኪቡ እቲ ንኤርትራ ምስ መወልቲ ግብረ ሽበራ ዝቑጸራ ሃገራት ምጽንባር ዝብል ውሳኔ መንግስቲ ኣሜሪካ ክትግበር ከምዝኽእልን እዚ ድማ ማዕቀባታት ክመዘስዕበላን እታ በዓል መዚ ትሕብር ይብል እቲ ዜና።

እቲ ዜና ብተወሳኺ፡ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ መንጎ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤርትራን ምሉእ ዲፕሎማስያዊ ኹናት ኣሎ ይብል።

እዚ ኸምዚ ኢሉ እንከሎ መርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ዜና ኤርትራ 35 ነጥብታት ዝሓዘ ነቲ ጃንዳይ ፍረይዘር ዝሃበቶ ሓበሬታ ዝንቡዕ ብምባል ንናይ ኣሜሪካ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኮኒንዎ ኽብል እቲ መርበብ ሓበሬታ የተንብህ።

ጃንዳይ ፍሬይዘር እቲ ኤርትራ ብዛዕባ መንግስቲ ኣሜሪካ ዝሃበቶ ኣነዋሪ መልስታት ብዙሕ ግምታት ዝወሃቦ ኣይኮነን ክትብል ገሊጻቶ።

## እቲ ኣብ ዘ ሄግ ነዘርላንድስ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተገብረ ናይ ዶብ ኣኼባ ብዘይ ሓደ ፍረ ፈሺሉ፤፡

እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንትሽዓተ ዓመት ዝጸንሐ ናይ ዶብ ረጽሚ ንምፍታሕን፡ኣብቲ ዝተወሰነ ዶብ ዓንዲ ንኽትካልን ብመንጎኝነት ኮሚሽን ዶብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ መንጎ  መራሕቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዘ-ሄግ ዝተገብረ ናይ ገጽ ንገጽ ዝርርብ ብዘይ ዝኾነ መዕለቢ ፋሕ ኢሉ ኽብል ኣይ ኤፍፒ ዝተባህለ ዜና ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ መርበብ ሓበሬታ ክሪስትያን ቱደይ፡ኤርትራ ነቲ ብኮሚሽን ዶብ ዝቐረበ 4 ቅድመ ኹነታት ብምስምማዕ እቲ ዶብ ኣብ ባይታ ክውዳእ ኽትጠልብ እንከላ፡ኢትዮጵያ ግና ኤርትራ ኣብ ሶማልን ኦጋዴንን ትገብሮ ዘላ ምትእትታው ንውዕል ኣልጀርስ ዘፍርስ ብምኻኑ ጠጠው ከተብሎ ኣለዋ ክትብል ሓሳባ ሂባ።

እቲ ኮሚሽን ዶብ ነቲ ኣኼባ ኣናዊሕዎ'ሎ፡መዓስ ከምዝኸውን ግና ኣይሓበረን።

ኮምሽን ዶብ ኮንትራቱ ኣብ ዝመጽእ ሕዳር ኽውድእ'ዩ፡ክልትኤን ሃገራት እንተዘይተሰማሚዐን ድማ እቲ ዶብ ኣብ ካርታ ክሰፍር'ዩ።

ሓደ ሓደ ተንተንቲ እዚ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝርአ ዘሎ ምፍጣጥ ናብ ዝኸፍአ ኹናት ኸድፍአን ኸምዝኸእል ይዛረቡ ክብል እቲ ዜና ይሕብር።